ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

# እዋናዊ-ዜና፣

ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) 3ይ-ስሩዕ ኣኼብኡ ጀሚሩ። 3ይ-ስሩዕ ኣኼባ ፖ/ቤ/ጽሕፈት፡ ኣብ ናይ ሎሚ ዕለት 21 መጋቢት 2014፡( ሰዓት 3.00 ድ.ቀ.) ዝጀመረ ውዕሎኡ፡ ኣብ'ቲ ዝተዳለወ ናይ 4 ወርሒ ጸብጻብ ክመያየጥ ኣምስዩ። ኣብ ህልው ዓለማዊ ኩነታት ብሓፈሻ፡ ፖሎቲካዊ ቅልውላው ሃገረ ዩክሬንን መበገሲታቱን ድማ ብፍላይ ብሰፊሑ ዘተየ። ብተወሳኺ፡ ዞባውን ከባብያውን ኩነታት ኣመልኪቱ ብሰፊሑ ገምገመ። ኣብ ክሊ ከባብያዊ ኩነታት፡ ንፖሎቲካዊ ቅልውላው ደቡብ ሱዳን፡ መበገሲታቱን ሳዕቤናቱን፡ ፍሉይ ቱኽረት ሂቡ ብዕምቆት ተመያየጠ።

ኣብ ደቡብ ሱዳን ተኸሲቱ ዘሎ ግርጭት፡ ሳዕቤኑ ንህዝቢ ደቡብ ሱዳን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንኣህጉርና ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ንከባቢና ድማ ብፍላይ ዘለዎ ኣሉታዊ ጽልዋ ብሰፊሑ ገምገመ። ምስ ግጭት ደቡብ ሱዳን ብዝተታሓሓዘ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ክጻወቶ ዝኽእል ኣሉታዊ ተራ ብዕምቆት መርመረ። ኣብ ሰላምን ምርግጋእን፡ ከም ሕሙም ቀልቡ ዝግፈፍ፡ ኣብ ኩናትን ዕግርግርን ከም ጸባ ዝጸገበ ብተይ ናይ ምዕንዳር ሰይጣናዊ ባህርያት ዘለዎ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ሕቡእ ኣጀንዳ ናይ ዘለዎም ጸረ ሰላም ሓይልታት ዓስቢ ክረክብ፡ ከም ኣመሉ ብሂወትን ደምን ንጹሃት ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ደቁ ድማ ብፍላይ፡ እናተጣለዐ ቅልውላው ደቡብ ሱዳን ከባልሕ ንድሕሪት ከምዘይብል ገምገመ። ህዝብታት ኤርትራን መንእሰያት ደቁን፡ ኣብ ጎባረባቲ ሃገራት ዝኣጎድ ሓዊ፡ ከም ቃንጫ እናሓረሩ ዘሕለፉዎም መረርቲ ዓመታት ከይድገሙ፡ ግቡእ ጥንቃቐ ክገብሩ ኣዘኻኸረ።

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰደግኤ፡  ብኣፍሪቃዊ ሕብረት ብሓፈሻ፡ ብኣባላት ሃገራት ኢጋድ ድማ ብፍላይ፡ ንቅልውላው ደቡብ ሱዳን መሰረታዊ ፍታሕ ንምምጻእ ዘካይዱዎ ዘለዉ ዘይሕለል ጻዕሪ ደገፉ ገለጸ።

3ይ ስሩዕ ኣኼባ ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ሰደግኤ፡ ንህሉው ሃገራዊ ኩነታት ማለት፡ ኩነታት ፋሽሽታዊ ስርዓት ህግደፍ፣ ኩነታት ህዝብታትናን ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራን፡ ከም ኣርእስቲ ክዝትየሎም ዝጀመረ ኮይኑ፡ ኣብ ናይ ጽባሕ ውዕሎኡ፡ ንህሉው ውድባዊ ኩነታትና ብምውሳኽ፡ ብዕምቆት ዘትዩ ኣገደስቲ ፖሎቲካዊ ውሳኔታት ከመሓላልፍ ትጽቢት ይግበረሉ።

ዜናን ባህል ቤት-ጽሕፈት ሰደግኤ።
21 መጋቢት 2014.